# TIGRAI DEVELOPMENT ASSOCIATION IN NORTH AMERICA (TDA/NA)
# ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሰሜን አሜሪካ (ማልት/ሰአ)

ዕለት - March 28, 2020

ይብፃሕ ንኹለን ሲቪክ ማሕበራት ተጋሩ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፣ ካናዳን ግዱሳት ወገናትን

ዛዕባ፡ ኮሮና ቫይረስ (COVID-19) ብዘርኢይ ትግራይና ንዝገበረቶ ፃውዒት ግብረ መልሲ ምሃብ

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን

ከም ዝፍለጥ ንዓለምና ኣብ ከቢድ ቅልውላው ዘእተወ ኣዚዩ ዝላባዕ ለበዳ ሕማም ኮሮና ቫይረስ (COVID-19) ኣብ ዝሓፀረ እዋን ናብ ኹለን ሃገራት እንዳተዛመተ ይርከብ። ነተን ብቑጠባን ብቴክኖሎጂን ዝማዕበላ ዓድታት ኣብ ከቢድ ፈተና ዘእተወንን እንካብ ቁፅፅረን ወፃኢ ዝኾነን እዙይ ኣዚዩ ዝላባዕ ለበዳ ሕማም ኮሮና፤ ኣብ ክልልና ከብፅሖ ዝኽእል ማህሰይቲ ንምግማቱ ዘፅግም ኣይኮነን። ብምኳኑ እውን ኹልና ተጋሩ ኣብ ምክልኻል እዙይ ሕማም ብዓብዪ ጠመተ ክንሰርሕን ብዝከኣለና ኹሉ ንህዝብና ሓገዝ ክንገብርን እቱ ግዜ ዝሓቶ ጉዳይ እዩ። ኣብ ካሊእ ዓድታት ዘጋጠመ ሽግር ንከየጋጥም ኣብ ምክልኻል ዝሰራሕ ስራሕቲ ኹሉ ንኽግበር ናይ ኹሉ ምኽሪን ፀሎትን ከም ዝኾነ ፍሉጥ ኾይኑ እንካብኡ ዝሓለፈ ግና ክንሓስቦ ዝግብኣና ነገር እንተሊዩ፤ ነቱ ሕማም መመርመሪ ዝኾና ናውቲ መመርመሪ፣ እቱ ሕማም እንተጋጥም ናይ ሕክምና ደገፍ ንምሃብ ሓካይም ዝጥቀሙሎም ናውቲ ሕክምናን ሕሙማት እንትርከቡ ተኣሊዮም ዝሕብሒቡሉ መፅለሊን መሐብሐቢን ቦታ ዘድልዮ ናውቲ ንምምላእ ኣብ ዓድና ዓብዪ ሕፅረት እተን ልዕል ኢለን ዝተጠቐሳ ናውትታት ስለ ዘሎ፤ ነ'ዙይ ዝውዕል ብሄራዊ ክልልዊ መንግስቲ ትግራይ $80,000.000.00 ቅርሺ ሓገዝ ሓቲቱ ኣሎ። ነዙይ ሓገዝ ንምትሕብባር ድማ ንማሕበር ልምዓት ትግራይ ሰሜን ኣሜሪካ ናይ መተሓባባራይነት ሓላፍነት ብቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ተዋሂቡ ኣሎ።

እዙይ ሰፊሕ ሓገዝ ብኹልና ፃዕሪ ጥራሕ ክግበር ዝኽእል ምኳኑ ብምእማን እንሆ ዛጊድ ብዙሓት ማሕበራት ተጋሩ ኣብ ሞንጎእን ነ'ዙይ ፅንኩር ጉዳይ ምይይጥ እንዳገበራ ፀኒሐን ብሓባር ንክሰርሓ ናብ ዝተፀወዓ ዝተፈላለያ በብወገኑ ዝተገብራ ኣኼባታት እውን ብምቕራብ ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ድሌት ከም ዘለወን ብዝነኣድ ናይ ተጋሩ ምትሕብባር መንፈስ ገሊፀን ኣለዋ። ኣብ'ዙይ ተጀሚሩ ዘሎ ሰናይ ተበግሶ እውን ኹለን ማሕበራት ንክሕወሳ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሰሜን ኣሜሪካ ፃውዒታ ተቕርብ ኣላ።

ከም ወትሩ ኣንፃር ህዝብና ዝመፅእ ፀገም ሓቢርና ንምከት!

ምስ ሰላምታ
ሽማግለ ፈፃሚት ስራሕ
ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሰሜን ኣሜሪካ

ብቼክ ኣታዊ ንምግባር -
**BB&T bank, Tigrai COVID-19 Response Fund - Bank Acc. # 0005251828174 routing No. 055003308**


**100 M Street, SE Suit 600, Washington, DC 20003**
**Mailing Address – P.O.Box 27215 NW Washington, DC. 20038**
**Contacts: (425)951-9830 / 301-254-4646 / 617-719-0970**
**solomon.medhanie@gmail.com, mebrahtuat@aol.com, mikyberhe@yahoo.com**